ኤርትራዊ ሃገራዊ ኮምሽን ንደሞክራስያዊ ለውጢ المفوضية الوطنية الإرترية للتغيير الديمقراطي
Eritrean National Commission For Democratic Change

# ምቕያር ዕለተ ጉባኤ ብዝምልከት ዝወጸ ኣገዳሲ መግለጺ

*ብመጀመርያ ፈጻሚ ኣካል ሃገራዊ ኮምሽን ንኩሎም ኣብ ትልሚ ደሞክራስያዊ ለውጢ ዝተበገሱን ብልዑል እምነትን ድሌትን ተወፋይነትን ነዚ መደባት'ዚ ንምዕዋቱ ዝተራባረቡ ኤርትራውያን የሞግስ። ኣብዚ እዋን'ዚ ከኣ ነጻነትን ደሞክራስን ፍትሕን ዝሰፈና ሃገር ኤርትራ ንምርግጋጽ ፡ ሰፊሕ ሃገራዊ ጉባኤ ንምእታው ኣብ ትጸቢት ይርከብ። ነዚ ዓቢ ዕማም'ዚ ንምዕዋት ንኮምሽን ብዝተነበረሉ እምነት መሰረት ብምግባር፡ ኣብ ዝተወሰነ ግዜ ሃገራዊ ጉባኤ ንምዕዋት መሪሕ ሓሳብ ኣቐሚጡ።*

*ኣብ ኩሉ መድረኻት ዝተንጸባረቐ ልዑል ዕላማታት ኤርትራዊ ተመክሮታት ምርኩስ ብምግባር፡ ኮምሽን ኣብ መንጎ ኣካውና ሕ/ሰብ ኤርትራ እምነት ክሓድርን ሓያል ባይታ ክንጸፍን ሓያል ጻዕርታት የካየድ ኣሎ። ከምኡ'ውን ንህልው ኩነታት ኤርትራ ንምስጋርን ንመጻኢ ከይድገም ዝካየድ ዘሎ ጻዕርታት ከም ቀንዲ ጉዳያትን ነጥብታትን ሓዘል ሰነዳት ሃገራዊ ጉባኤ ኮይኖም ዝተቐመጡ ኢዮም።*

*ኮምሽን ኣብ ጽንኩር ታሪኻዊ ሃዋሁ ይዓምም ከም ምህላዉ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ኣብዚ መስርሕ'ዚ ነቲ መሰረታዊ ዕማሙ ዝዕንቕፍ ዝተፈላለየ ብደሆታት ክገጥሞ ግድን ኮይኑ፡ ሳላ ጽንዓት ህዝብን ኣባላቱን መርገጻቶምን ዝነበሩ ምድንጋራትን በዲሁ ብምስጋር፡ ነቲ ዓቢ ዕማም ቀዳምነት ብምሃብ ጥራይ ክሰርሕ ጸኒሑን ኣሎን።*

*ኣብ መጋቢት 2011 ዝተኻየደ 2ይ ስሩዕ ኣኼባ ሃገራዊ ኮሚሽን፡ ሃገራዊ ጉባኤ ኣብ ወርሒ ጥቅምቲ ከካየድ ወሲኑ ምምባሩን ኣብዚ ምርኩስ ብምግባር ፈጻሚ ኣካል ሃገራዊ ጉባኤ ን22/10/2011 ክኸውን ሓቢሩ ከምዝነበረ ይዝከር።*

*ኮይኑ ግን ኣብ ባይታ ተቓውሞ ኤርትራ ኣብ ግምትና ዘይነበረ ሓድሽ ኩነት ተፈጢሩ። ንመሰረታዊ ዕላማታት ሃገራዊ ጉባኤ ዝትንክፍ ፖሎቲካዊ ምዕባሌታትን ባዕላዊ ተክኒካዊ ጸገማትን ተኸሲቱ። ፈጻሚ ኣካል ደንበ ተቓውሞ ዝሓልፎ ዘሎ ፖሎቲካዊ ኩነታት ኣብ ግምት ብምእታው፡ ንትልሚ ደሞክራስያዊ ለውጢ ንምክልኻል ኣገዳሲ መዋጽኦ ዝኸውን ፖሎቲካዊ ስጉምቲ ክወስድ ግድን ኮይኑ ኣሎ።*

*ፈጻሚ ኣካል ብድሕሪ ርጉእ ገምጋም ምግባር፡ ዕለት ምግባእ ጉባኤ ካብ 22/10/2011 ዝነበረ ን21/11/2011 ክኸውን ወሲኑ ምህላዉ ይሕብር።*

*ነዚ ኣዋጅ'ዚ መሰረት ብምግባር፡ እቶም ኩሎም ነዚ መደባት'ዚ ኣብቲ ተወሲኑ ዝነበረ ግዜ ንምዕዋት ዝጻዓሩን ንመገሻ ኣብቲ ኣቐዲሙ ዝነበረ ቆጸራ ምድላዋቶም ዝወድኡን ብስንኪ ምቅይር ግዜ ዝወረደ ጸገማት ንምፍታሑ ክንረዳድኣሉ ምኻና ንገልጽ።*

*ፈጻሚ ኣካል ኩሎም እቶም ንትልሚ ሃገራዊ ዕላማታት ንምዕዋት ፡ ነቲ ፖሎቲካዊ ዕድል ተቓውሞ ዝሰርዕ ውድዕነት ብህዱእ መንፈስን ትዕግስትን ተዓጻጻፍነትን ክገጥምዎ በዚ ኣጋጣሚ'ዚ ይላቦ። ነቲ ንምዕዋቱ ንራብረበሉ ዘለና ልዑል ዕላማታት ንምዕዋት ኩሉ ዝኸኣሎም ዓቕምታት ከበርክቱን ተወፋይነቶም ከዕዝዙን ይጽውዕ።*

**ሓቢርና ሓድነትና ዓቂብና ጉባኤና ነዕውት!!**
**ዓወት ንሃገራዊ ጉባኤ!!**

***ፈጻሚ ኣካል***
***ኤርትራዊ ሃገራዊ ኮምሽን ንደሞክራስያዊ ለውጢ***
***7 ጥቅምቲ 2011***
**WWW.ENCDC.COM**